# <u>ልቢ እንታይ ኮን ምገበረ?</u>

ሕልምታቱ ብዙሕ: ሃቐንኡ ዓቢ
ሓኹርካ ዘይውዳእ: ኣዚዩ ንዊሕ ደርቢ።
ዘይስልኪ ሃናጻይ: ዘይደክም ሰኣሊ
ስስዐ ዝኣሰሮ ኣይኣኽለንን በሃሊ።

ኽም ጥበበኛ ኣላማይ: ሓሳባት ጠላሊፉ
ሓደ ድሕሪ ሓደ ሀረርታታት ኣሰሊፉ።
ድሌታት ሃዊጸሞ ነቲ ረሑቕ ኽመጣጠሮ
ብባህጊ ተወጢሩ ነቲ ሰፊሕ ኽሳገሮ።

ያኢ....
ያኢ....ኣብ ምዓልትታት ኽውድኦ: ርሕቐት ኽዋኽብቲ
ንጠፈር ኽሓኹሮ ብናይ እግሪ ስጉመቲ።
ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ኽም መስፍን ክኾመጥ
ዘውዲ ትዕቢት ደፊኡ: ብተድላ ኽራጥጥ:
ኣእላፋት ኣታሊሉ: ኽገብሮም ዋኒኑ
ብስግደት ኽግልገል: ኽነብር ተኣሚኑ
'ሊቀ-ሰባት' ኽሸየም: ኽነግስ ኣዕኒኑ
ኣብ ምድሪ ኽበርህ ዝንኡ ገኒኑ።

ሓሳብ ልቡ ዝመስሎ: ሓሳብ ኣማልኽቲ
ንምኽሪ ዘባጪ ኽም ጥበብ ደናቑርቲ:
ንነብሱ ለኪዑ ብመስፈሩ
'ናተይ ይዓቢ' ኢሉ ጨዲሩ::

ኣይምጸልኣን ኣብ ጠፈር ኽዝርግሕ ግዝኣቱ
ፈቖድኡ ኽጉይተት፡ ኣብ ኩሉ ኽኣቱ:
ግኡዝ ኣሰልክይዎ፡ ናብ ሰማይ ኽድይብ
መላእኽቲ ኽገዝእ፡ ስልጣናት ኽድርብ:

ንመዋእል ኽፍራሕ ኣምላኽ ተመሲሉ
ብዙሓት ኽፈርሕዎ ዓቢ ተባሂሉ።

መዓስ ምጸልአ ንባህርያዊ ኽልውጦ
ምልኪ እንተ-ዝህልዎ ኹሉ ምሰለጦ:
ኣብ ሑቕፊ ኣጻብዕቱ ንኹሉ ምጨበጦ
ኣብ ዓንኬል ምልኩ ዓምጺጹ ምኀበጦ:
ንመዓልቲ መጸልመቶ ንጸልማት መብርሆ
ንወኽትታት ምቐየሮ ኽምድላዩ ምገበሮ:
ንባሕሪ ምሰፈሮ ኣብ ዕማኾኡ ምቖጸሮ
ንጎልጎል ምኾመተሮ ንመጻብቦ ምገተሮ:
ንኽፏእ መጥዓሞ ንጥዑም መዐሮ
ነገነት ምኾነኖ ንገሃነም ምመሓሮ።

ኣየ ልቢ ሰብ...
ፈንጺጉ ኽይወጽእ መሰንገለን'ዶ ጋሪድዎ
ድምጺ ትዕቢቱ ኣብ ትርግታ ወዲእዎ።
እዝጊ ጽቡኞ ገበረ ልቢ እንኳዕ ተአሰረ
ፋሉል እንተ ዝግደፍሲ ልቢ እንታይ ኮን ምገበረ?

ኣማኑኤል ኢሳቕ
ደቡብ ኣፍሪቃ